**ሳልሳይን መወዳኣታን ክፋል ዜናዊ ጸብጻብ ኤውሮጳ-ለኸ ሰሚናር ጨናፍር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት፣**




ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፣ ሰሚናር ክባሃል እንከሎ ኣባላት መሪሕነት ዝምህርሉ ወይ ከኣ ሓሳባቶምን ርእይቶታቶምን ገሊጾም ጥራሕ ዝወጽሉ መስርሕ ዘይኮነስ፣ መሪሕነትውን ካብ ታሕተዎት ኣካላቱ ዝማሃረሉን ስምዒታት ተሳተፍቲ ሰሚዑ ኣገደስቲ ስጉምትታት ዝወስደሉን መድረኽ ምዃኑ ኣብ ተመኩሮና ዝተረጋገጸ ዲሞክራስያዊ መሰልን ሃናጺ ቦታ ናይ ቃልስን ኢዩ። እዚ ስለዝኾነ ድማዩ፣ ተሳተፍቲ ሰሚናር 2007 ኣብዚ ሓደ ማዓልትን ለይትን ብዘይምቁራጽ ዝተኻየደ ሰሚናርዚ ብዘይዝኾነ ይኹን ድኻም ብምሉእ ሕልና ሓያል ጐንታትን ክሕይል ዘለዎ ሽነካትን ናይ ውድቦም ክመዝኑን ሓሳቦም ከዋሃህዱን ዝጻዓቱ።

ብዝተሰርዐ መደብ ሰሚናር መሰረት ብጻይ ተኽለ መለኪን ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ሓላፊ ኣህጉራዊ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ድሕሪ 6ይ ጉባኤ ደምበ ተቓውሞ ንምሕያል ዝተኻየደ ርኽክባትን ጻዕርታትን ከምኡውን ምስ ናይ ወጻኢ ሃገራት ዝተኻየደ ርኽክባትን ውጻኢታቱን ብዝርዝር ንተሳተፍቲ ሰሚናር ኣቕሪቡ። ብጻይ ተኽለ ኣብ መግለጺኡ፣ ድሕሪ 1999 ዝተበጽሐ ምሕዝነታዊ ስምምዓትን ዘጋጠሞ ዕ ንቕፋታትን ከምኡውን ምስ ምቛም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተራእዩ ተጻባእቲ ክምዝምዝዎ ዝኻኣሉ ድኹም ጐድንታት እኳ እንተነበሮ፣ እቲ ሓያል ሸነኹን ግን፣ ዝተረጋገጸ ሕድሕድ ምክብባርን ምርድዳእን ኣገዳሲ ባእታ ናይ ቃልሲ ምዃኑ ኣብሪሁ። ምስ ምስልሳል ጉባኤ ኪዳን ከኣ ኣለዎ ዝባሃል ሕጽረታት ክእረምን ዝሰጠመ ኤርትራዊ ተቃውሞ ኰይኑ ክወጽእን ተስፋታት ምህላዉ ኣሚቱ። ብፍላይ ውድብና፣ ነቲ ኣብ ጉባኤ ዝተበጽሐ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰልፊ ምቛም ዝብል መደብ ንምዕዋት ምስ ኩለን ተመሳሳሊ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዘለወን ውድባትን ምንቅስቓሳትን ኣብ ምዝታይን ኣብ ርኽክብ ምጽንሑን ገናውን ዘይተወድኤ ቈጸራታት ምህላዉን ሓቢሩ።

ኣብ ኣህጉራዊ መዳይ እንተኾነውን፣ ምስ ብርክት ዝበሉ ሰበ-ስልጣን ጐረባብቲ ሃገራትን ምስ ኣምበሳደራት ናይ ካልኦት ኣፍሪቓዊ ዓለም ሃገራት ትስፉው ርኽክባት ምክያዱን ብዝርዝር ገሊጹ። ሓያሎይ ናብ ኣህጉራውን ዞናውን ትካላት

መዘክራት ዝቐረበ ምህላዉን ብፍላይ ብዛዕባቶም ኣብ ሊብያን ካልኦት ናይ ስደት ሃገራትን፡ ንኤርትራውያን መንእሰያት ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ ምትሕብባር ኣህዛብን መንግስታትን ዘለዉወን ሃገራት ከምዘድሊ ዘመልከተ ጽሑፋት ኣብ ምዝርጋሕ ምህላዉውን ዘኪሩ። ድሕርዚ ሰፊሕ ተመኩሮ ሓዘል መግለጺዚ፡ ተሳተፍቲ ሰሚናር ኣብ ዝሓለፉ ተመኩሮታት ንዝተራእዩ ሓድነታዊ ዘተታትን ስራሓትን ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ምስ ውድባት ዝካየድ ናይ ዘተን ርክብን ቀዳምነታት፡ ኣህጉራውን ዞናውን ትካላትን ኣመሪካዊ ዓለምን ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዘለዎም ኣመለኻኽታን፡ ክካየድ ዝግባእ ቅድመ ምድላዋትን ዘመልከተ ክልተ ሰዓታት ዝወሰደ ብተሳተፍቲ ሰሚናር ጠቓሚ ክትዓት ተኻይዱ።

ክብዚ ቀጺሉ ብጻይ ብርሃነ ተስፋጋብር፡ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ሓላፊ ገንዘባዊ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ብሽኹ፡ ምሕያል ቁጠባዊ ትሕዝቶ ውድብ ኣብትሕቲ ዝብል መዘራረቢ ነጥቢ፡ ኣብ ዓለምና ዝኾነ ይኹን ስራሕ ንኽተሰላስል ትሕዝቶ ክህልወካ ይግባእ፡ ገንዘብ እንተዳኣ ዘይሒዝካ ግደፍዶ ዓበይቲ ናይ ህዝቢ ዕላማታት ኣብ ግብሪ ከተውዕልስ ዋላ ሓንቲ ስድራውን ንኽተካየድ ይውሓድ ይብዛሕ ትዝቶ ከምዘድሊ፡ ትሕዝቶ እንተደኣ ሃልዩ ንመደባት ተጻባእትኻ ብኩሉ መዳዩ ክትገጥሞ ከምዝካኣልን ድሕሪ ምሕባር፡ ገንዘባዊ ጉዳይ ብግምት ዘይኰነስ ብሰነድ ክረጋገጽ ዘለዎን፡ ብጽፉፍ ኣሰራርሓን ብግሉጽነት ዝልለ እንተዘይኰይኑ፡ ብተኣማንነት ዝኸይድ ከምዘይኰነን ብምግንዛብ ውድብና ኣብ ኣሰራርሕኡ ከተኣታትዎም ዘለዎ ሓደስቲ ልምድታትን፡ መትከል ምቍጽጻርን ምትሕስሳብን ኣብ ግብሪ ክስነ ከምዝግባእን ሓበረ። እቲ ኣብ መንጎ መራሕን ተመራሕን ዘሎ መስኖ ብግቡእ ክሰርሕ ዝግባኦ፟ኺ እንተነበረ፡ ኣብ ገለ ዋናት ከምቲ ዝድለ ዘይምጽንሑን፡ ምሉእን ቀጻልን ደኣ ይግበሮበር፡ ኣብዚ ቀረባ ግዝያት ግን ዝተማሓየሸ ኣሰራርሓ ይርኤ ምህላዉን ብምሕባር፡ ናይ ታሕተዎት ኣካላት ጸብጻባትን ሓበሬታን ዘይሰንቐ መሪሕነት ዳርጋ እሱርን ዕዉርን ክባሃል ከምዝካኣልውን ጠቒሱ። ኣብዝሓለፈ እዋን ውድብና ንዘጋጠሞ ሽግራት ብጻዕርን ተወፋይነትን ኣባላቱ ከምዝሰገሮን ገና እቲ ጾር ኣብ ውሱናት ኣባላት ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ኣብ መላእ መሰረታት ውድብ ምህላዉ ፈሊጥና ምስቲ ኣቲናዮ ዘለና መድረኽ ናይ ቃልሲ ብዘሳኒ ኣገባብ ዝካኣለና ጻዕርታት ተወፋይነትን ከነካይድ ከምዝግባእ ኣመልኪቱ። ንናይ ስራሕ ኣሳልጠ ክዝግዝ ዝኽእል ብመሪሕነት ከቕርቦ ዝድለ ቅጥዕታትን ኣገባባትን ክስነውን ከሸግር ከምዘይካኣል፡ ትካላት ናይ ውድብ ኣብ ምምዕባሉን ምክያዱን ናይ ኩሉ ሓላፍነት ምዃኑን፡ ብምዝካር ንዝሓለፈ ተመኩሮ ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

መሰረታት ኣብ ልዝቦም፡ ውድቦም ዕዉት ኰይኑ ንኽወጽእን፡ ንሒዝዎ ዘሎ ህዝባዊ ዕላማ ንምርግጋጽን ዝካኣሎም ዘበለ ክገብሩ ድሉዋት ምህላዎም ኣብርእሲ ምርግጋጾም፡ ዝተፈላለየ ንማእቶት ናይ ውድብ ከኻዕብቱ ዝኽእሉ ሓሳባትን ክፍተኑ ዝግብኦም ናይ ቃልሲ ፕሮጀክትታትን ብሰፊሕ ብምቕራብን ምልዛብን ብናይ ሓባር ተግባራዊ ዝኾኑ ርእይቶታት ምውጽኦም ይፍለጥ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ቦታኦም ተመሊሶም ንሓባራዊ ውጽኢት ሰሚናር ኣብ ኣባላቶም ብዝግባእ ከብጽሕዎን ክሰርሕሉን ምዃኖምውን ኣታኣማሚኖም ብምውጻእ ሰሚናር ብዓወት ተሰላሲሉ።

**ድምጺ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣህጉራዊ ፈነዋ፡**
**15 ለካቲት 2007**